**ናብ ኖርዌይ ኣብ ትኣትውሉ ጊዜ ዝግበር ናይ ቲቢ ምርመራ**

ከም ዐቕባ ሓታቲ ወይ ስደተኛ ኮይኑ ናብ ኖርዌይ ዝኣቱ ኩሉ ሰብ ናይ ዓባይ ሰዓል (ቲቢ) ምርመራ ክግበረሉ ናይ ግድን እዩ። ካልኦት ናብዚ ሃገር ዝኣትዉ ሰባት ካብ ዓባይ ሰዓል ብስፍሓት ዝርከበላ ሃገር እነተኾይነኖም ምርመራ ክገብሩ ይግደዱ። እዚ ምርመራ ናይ ሳንቡእ ኤክስሬይ (ናይ ኣፍልቢ ኤክስሬይ) ከምኡውን ናይ ደም ምርመራ ወይ ናይ ቆርበት ምርመራ የካትት።

**ናይ ኣፍ ልቢ ምርመራ:**

ናይ ኣፍልቢ ምርመራ ወሑዳት ደቒቓታት ጥራይ ዝወስድ ኮይኑ ጉድኣት ዘምፅእ ኣይኮነን። ናይ ኣፍልቢ ኤክስሬይ ዋላ ነፍሰ-ፆር ንዝኾንክን ውሑስ እዩ። ፅቡቕ ናይ ኤክስሬይ ስእሊ ንምልዓል፣ ኩሉም ናይ ላዕሊ ክዳውንትኻ ምውፃእ ዝሓሸ እዩ። እንተደሊኻ፣ ሜላጎም ወይ ማንየፂ ዘይብሉ ረቂቕ ካናቴራ ወይ ካምቻ ክትለብስ ትኽእል ኢኻ። ናይ ጡብ መትሓዚ (ሬጂቤቶ) እውን ክእለ ኣለዎ። ኤክስሬይ ክትለዓል እንከለኻ፣ ናብ ወሽጢ ብምትንፋስ፡ትንፋስካ ተቖፃፂርካ ሓዝ።



ብተወሳኺ ገለገለ ሰባት ናይ ደም ምርመራ ወይ ናይ ቆርበት ምርመራ ክወስዱ ኣለዎም።

**ናይ ደም ምርመራ (IGRA):**



**ናይ ቆርበት ምርመራ (Mantoux):**



ናይቶም ምርመራ ወፅኢት ሽዑ ንሽዑ ኣይትረኽቦምን። ወሑዳት መዓልትታት ይወስድ እዩ። እቶም ምርመራታት ተወሳኺ ምርመራ ክትገብር ወይ ንሓኪም ክተማኽር ዘሜልክቱ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ከምዚ እንተጋጢሙ፣ ክንገረካ እዩ። እዚ ማለት ናይ ግድን ብሕማም ዓባይ ሰዓል ትሳቐ ዘለኻ ሰብ ኢኻ ማለት ኣይኮነን።

ምልክታት ናይ ዓባይ ሰዓል፡ ሱር-ዝሰደደ ሰዓል (ሰለስተ ሳምንታት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝፀንሐ)፣ ትኩሳት፣ ምንካይ ክብደት፣ ናይ ድኻምን ትህኪትን ስምዒት፣ ለይቲ ምርሃፅ ወይ ሕበጠት ወይ ምእጓድ ኣብ ክሳድ፣ ኣብ ከባቢ ብልዕቲ ወይ ኣብ ትሕቲ ኣእዳው የጠቓልል። በቲ ሕማም እንከይተጠቓዕኻ፣ ናይ ቲቢ ባክተርያ ኣብ ሰውነትካ ክህሉ ይኽእል እዩ። ሕክምና ዘይተገብረሉ ዓባይ ሰዓል ኣብ ሳንቡኣት(ፑልሞናሪ ቲቢ) ጥራይ ናብ ካልኦት ይመሓላለፍ።

ዓባይ ሰዓል እንተሎካ፣ ኣብ ኖርዌይ ብናፃ ሕክምና ይወሃበካ።ሕክምና ክሳብ ትወድእ ኣብ ኖርዌይ ክትፀንሕ ማለል ኣለካ።

ዓባይ ሰዓል ዝሓዊ ሕማም ምዃኑ ኣስተውዕል! ብዛዕባ ዓባይ ሰዓል ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ፣ ነዚ ዝስዕብ ተወከስ www.fhi.no

Norwegian Institute of Public Health